# ፈንቅል ማዕቀብ

ለካቲት'ዩ ኔሩ ባጽዕ ዘሓረረ

ናጽነት ኤርትራ ባና ዘበሰረ

ናይ ሰብዓን ሸውዓተን ድኽመት ዝሰገረ

መጻኢ ሓርነት ብልሒ ዘዋፈረ

ሕጂውን ለካቲት ታሪኽ ደቂ ኤረ

ናይ ሓምሳታት ውዲት ከፍሽል ብማዕረ

ንማዕቀብ ከምክን ተዓጢቑ ስረ

ህዝበይ ተበጊሱ ኣብ መኸተ መደረ

እወ'ታ ፈንቅል…

ርእሲ ዓመጽቲ ዝፍንቅል

ሓሞት ናይ ጎበጥቲ ዝንጠልጥል

ኣብ ህዝቢ እምነቱ ዘደልድል

ሓሶት ብሓቂ ዘፍሽል

ፈንቅል ፍራንሲስኮ ጀኔቫ

ፈንቅል ዋሽንግቶን ኣውስትራልያ

እንታይ'ዩ ትርጉሙ ማዕቀብ ኣያ በያ

ናይ ሓሶት ጠቐነ ናይ ሓያላን ዝርያ

ውዲት ልዕሊ ውዲት ዘይብሉ ማእለያ

በደል ርእሲ በደል ኣብ ኤርትራ ሶማልያ

ኣብ ዘየለ ጎንጺ ስሒብካ ጂቡቲ

ኣብ ዘየለ መርትዖ ዓሲብካ ተማቲ

ገበንካ ስዕረትካ ክትሽፍን ምእንቲ

ኢትዮጵያ ክተድሕን ጎባጢት ዕስብቲ

ስነ ኣእምሮ ኲናት ሽቕለት ክተእቲ

ሓድነት ክተህስስ ዓሲብካ ዘረግቲ

እከለ'ባ እከለ ክትብትን ምእንቲ

ማዕቀብ እንተበልካ ክትንጽል መራሕቲ

　　ይትረፍ ሎሚ ግዳ ዘይብልካ ናውቲ

　　ኢትዮጵያውያን ሒዝና ህዝቢ ተቓወምቲ

　　ቀደምውን ኣይሰርሐን ኣብ ወራር ከደምቲ

　　ሓይላ ከይጸንቀቀት ወያነ ዕስብቲ

　　በጃ ኣይትኾንን ኤርትራ ውቅብቲ

　　በዓልቲ በትሪ ሓቂ ኣልቦ መጋጥምቲ

ንሶማል ከጽንቱ ከምዛ ዘይወገኑ

ኣብ ጃምላዊ ቅትለት ከምዘይተኮነኑ

ብስም ዓቃብ ሰላም ሰላም ከምዘየስኣኑ

መራሕቲ ጠፍጢፎም ውዲት ከምዘየርሰኑ

　　ሎሚ ተሰልቢጦም ንነብሶም ከድሕኑ

　　ናይ ኣመሪካ ኢትዮጵያ ስዕረት ክሽፍኑ

　　ኣቢሲንያ ኮይኖም ጸለምቲ ገዋኑ

　　ኣብ ዘየለ ጭብጢ ኤርትራ 'ተጠቀኑ

　　ጂቡቲ መዝሚዞም ጎንጺ 'ተጋነኑ

　　ኣልቓዒዳ ኣል ሸባብ ሓሶት 'ተማእዘኑ

ማዕቀብ ፍርቂ ዘመን ተንኮላት ዘምከኑ

ናይ ከደምቲ ወራር ወትሩ ዘበርዓኑ

ኣብ ፍርዲ ሞጒቶም ዓወት ዝወነኑ

ቅድሚ ዓለም ቀሪቦም ክብረት ዝዘገኑ

ቑጠባዊ ወፍሪ ብኒሕ ዘሰሰኑ

ነብስኻ ምኽኣል ህዝቢ ዝኣመኑ

ሃዋሁ ናይ ሰላም መኪቶም ዘስፈኑ

ድምብርጽ ኣይብሎምን ደቂ ፈንቅል ጀጋኑ

መኸተ፡ እወ'ታ መኸተ.....

ደቂ ኢብራሂም ሱልጣን ኒው ዮርክ ዝመንተ

ንሓድነት ተወፋይነት ጽንዓት ዝጠመተ

ንፍትሒ ንመሰል ሕጊ ዘቛመተ

ዘይፍትሓዊ ድግሰት ተንኮል ዝደረተ

ርእሰ ማል ዕብለላ ዕርቃኑ ዝጽነተ

ከዳዕ ካብ ሃገራዊ ዘገለተ

ፈራሕ ተበላጺ ዘጽነተ

ተባዕ በዓል ሕድሪ ዘደነተ

ሃገር ልዕሊ ነብሱ ዘሰረተ

እወ፡ ሕጂውን መኸተ...

ንመሰል ንሰላም ፈንቅል ማዕቀብ

ከምታ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ከም ምጽዋዕ ወደብ !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!

ወትሩ ዓወት ን'ሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም

ህዝባዊ መኸተ፡ 13 ለካቲት 2010

ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ